ሱርባና ቪዥን ሜድያን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን

መልእኽተ-ዜና

መስከረም 2020
ቅጺ.1፡ ቁ.2

## ኣብ ግዝያዊ መዕቈቢ ስደተኛታት ሱርባና ኣብ ሊብያ ሰፊሕ ጽገና ተገይሩ

ሱርባና ቍ. 1 ካብ ወርሒ 7 ናይ 2019 ኣትሒዛ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ብዘይ ምቁራጽ ክሳብ ሎሚ ስደተኛታት ኣብ ምዕቋብን ምጽላልን ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ክትገብር ጸኒሓን ኣላን። ብድምር ልዕሊ 860 ስደተኛታት ኣጽሊላን ኣዐንጊላን። ንዝሓመሙ፡ ሞራላውን ኣካላውን ድኻማት ዘሎዎም፡ ረዳኢ ሰብ ዘይብሎምን ካልኣትን ስደተኛታት ነባሪ ፍታሕ ክሳብ ዝረኽቡ ግዝያዊ መጽለሊ ኰይና ጸኒሓን ኣላን።

ይኹን'ምበር፡ እዛ መጽለሊ እዚኣ ኲሉ ነገር ተማሊኡላ ኣይኰነትን ኣገልግሎት ክትህብ ጸኒሓ። ካብ ወላ ሓንቲ ዘይምግባር ገለ ነገር ምግባር ግን ዝሓሸ ስለዝኾነ፡ ክትገብሮ ዝጸንሐት ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኰነን። ነቶም በብግዜኡ መጽለሊ ስኢኖም ዝነበሩ ኣብ ዘዝተፈላለዩ ግዚያት ዝመጽኡዋ ስደተኛታት ብዓቕማ መስተርሆት ክትፈጥር ጸኒሓ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን ሰፊሕ ናይ ጽገና ስራሓት ተኻዪዱላ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ቀጽራ ዝነበረ ናይ ቴንዳ ሓውሲ ገዛ መጽለሊ ናሕሲ ብዚንጎ ተቐዪሩ፡ ሰለስተ ሓደስቲ ሽቓቕት ተወሲኾምላ፡ ክልተ ሓደስቲ ባስካታት ማይን መውዓይን መዝሓልን ማይን ተተኺሎምላ ኣሎዉ። ከም ዝዝከር፡ ኣብ ሱርባና ቍ.2 'ውን ካብ ዛውያ ንዝመጽኡ ሓገዝ ንዘይነበሮም ስደተኛታት ኣፍ ደገ ከፊትካ ንምዕቋብን ንምዕንጋልን ተመሳሳሊ ናይ ጽገና ስራሓት ተኻዪዱ ነይሩ እዩ።


ቅድሚ ጽገና


ድሕሪ ጽገና

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ማሕበር ሱርባናን ጋንታ ኣመሪካን ብሰንኪ ኣሰጋገርቲ ደቂ ሰብ ኣብ ዘይደልዩወን ሃገራት ዘርሞ-ዘርሞ ይኾኑ ንዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኲነታቶም ብማሕበራት ተራድኦ ዓለም ኣቓልቦ ንኽረክብን ጠመተ ክግበረሎምን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ብሓባር ክይተሓለሉ ክሰርሑ እዮም።

## መንግስተ-ሰማያት የዋርስካ ሚኪኤል!




ኣብ መጽለሊ ሱርባና ሊብያ ካብ 04-05-2020 ክሳብ 04-09-2020 ክእለ ዝጸንሐ መንእሰይ ሚኪኤል ክንፈ ሓደራ፡ ብዝሓደሮ ሕማም ብዕለት 04-09-2020 ኣብ ሕክምና ዓሪፉ። መንእሰይ ሚኪኤል ናብ ሱርባና ክመጽእ ከሎ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ስለዝነበሮ፡ ኣብ ሕክምና ሓደ ወርሒ ደቂሱ ነይሩ'ዩ። ብድሕሪኡ'ውን ናብ ሕክምና ይመላለስ ነይሩ። ሚኪኤል 1 ለካቲት 1996 ኢዩ ተወሊዱ። ማሕበር ሱርባና ብሞት'ዚ ውልዶ መንእሰይ ዝተሰምዓ መሪር ሓዘን እናገለጸት፡ ንዕኡ መንግስተ-ሰማይ የዋርሶ፣ ንወለዲ፡ ቤተ-ሰብን ፈትወትን ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ትብል።

## እዚታት'ውን፡

ብማሕበር ሱርባና ዝእለያ መዕቈቢ ገዛውቲ ሱርባና ኣብ ልብያ ምሉእ ቀረብ ምግብና ብዘይምቁራጽ ክህባ ተበግሶ ከም ዝወስዳ ተሓቢሩ ነይሩ'ዩ። በዚ መሰረት፡ እቲ መደብ ካብ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሩ ተግባራዊ ክኸውን በቒዑስ፡ ኣብ'ዘን ገዛውቲ ዘለዉ ተኣለይቲ ስደተኛታት ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን ክረኽቡ ክኢሎም ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሰለስቲኣን መዕቈቢ ገዛውቲ ሱርባና ንዝርከቡ ስደተኛታት ኣብ ምክትታልን ምቍጽጻርን ሕማም ኮቪድ-19 ዝሕግዛ ሰለስተ መዐቀኒ ሙቐት (ተርሞሜተር - thermometer guns) 'ውን ተገዚኣን ኣብ ኣገልግሎት ይርከባ።

ንምልከታት፡ ምክልኻልን ብዛዕባ ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን ሕማም ኮቪድ-19 ዝምልከት ጥዕናዊ ኣስተምህሮ'ውን ብሓደ ግዱስ ኤርትራዊ ሓኪም ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብቪድዮ (ብZoom) ተዋሂቡ ኢዩ።

ሓድሽ ኣገልግሎት መውዓሊ ህጻናትን ትምህርትን ንምሃብ ክጽገን ዝጸንሐ **ሱርባና ቍጽሪ 3** ምስ ዘሎ ህሉው ኩነታት ኣስጋእነትን ለበዳን ኮቪድ-19 ንግዜኡ መወሸቢ ኰይኑ ከገልግል ኢዩ።

ጋንታ ኣመሪካ ንዝተፈናቐሉ ኤርትራውያንን ማሕበር ሱርባናን ንሓካይም ኣህጉራዊ ውድብ ስደተኛታት (IOM) ኣብ ትሪቦሊ ናብ ገዛ ሱርባና ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ግዜ እናተመላለሱ ንልዕሊ ዓመት ክህቡዎ ንዝጸንሑን ዘለዉን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንዝገበሩዎ ሰናይ ድማዕ ንምምስጋን ወረቐት ምስክር ምስጋና (Certificate of Appreciation) ሂቦም።

ማሕበር ሱርባና ብህዝቢ ንዝግበሩ ገንዘባዊ ደገፋት ብስሉጥን ቀሊልን መገዲ መታን ክከናወኑ፡ ኣብ 'ጎፈንድሚ'ን 'ፐይፓል'ን ከም ሕጋዊት ማሕበር ምትሕግጋዝን ረዲኤትን ተመዝጊባ፡ ንህዝብና ዝያዳ ኣገልግሎት ክትህብ ተቐሪባ ከም ዘላ ክንሕብር ንደሊ። ደጊምና ድማ ምትሕብባርኩምን ደገፍኩምን ኣይፈለየና ንብል።

**ማሕበር ሱርባና**
**ቍ. ስልኪ፡** 302 521 9047 (ኣብ'ዚ ምድዋልን ዘሎ ሓገዝ ብ Zelle ምጥቃም ይከኣል):
**Email**: merkebna1@gmail.com
**Paypal**: http://paypal.me/Surbana
**Bank Account፡** Bank of America, Account number: 38301755
**Payable** to: SURBANA Vision Media and Community Services, Inc.

Surbana Vision Media and Community Services, Inc.

Newsletter

September 2020
Volume 1, Issue 2

## Temporary Surbana Shelters for Refugees in Libya Get Extensive Renovation

Surbana Shelter in Libya has been providing services to refugees in Gargaresh-Libya since July 2019. The shelter has been providing safe living quarters for refugees and has provided meals to displaced refugees for over a year. Over 860 refugees have transitioned through this shelter so far. Surbana Shelter I has provided great relief for refugees who are terminally ill, have physical disabilities and who feel like they have nowhere to turn to. The shelter helps with building morale and assisting refugees with establishing a temporary solution for their barriers. The



goal of our shelters is to assist displaced refugees who have been victims of human and sex trafficking. Recently Surbana Shelter I has undergone extensive renovations that include 3 new toilets, 2 new hot water tanks, one water heater and cooler. Lastly, the outside compound of the shelter that was previously covered with a tent for shade has been replaced with corrugated iron sheets for durability.



Surbana Shelter II opened its doors to welcome and provide shelter to those refugees from Zawya who had nowhere to turn to for support and also currently sheltering and serving children and women in a separate area. The main goal for Surbana Vision Media & Community Services, Inc. and the America Team for Displaced Eritreans is to work together to assist refugees who have been victims of human trafficking and who are displaced in foreign countries where they do not want to be to get attention through International Humanitarian Organizations which are currently not providing any support.

### Rest in Peace, Michael!

Recently a young man by the name of Michael Knfe Hadera, born on February 1st, 1996, who was residing in the Surbana Shelter since May 4th 2020 passed away on September 4th, 2020. Michael was visiting the hospital for treatments for his illnesses. Once it was discovered that Michael had a serious health condition, he was admitted into the hospital, where he stayed for over a month. Surbana Vision Media & Community Services, Inc. would like to express their deep condolences to his family, and friends. May Michael's soul Rest in Peace.

### Titbits

*The first initiative of Surbana Shelters in Libya was to provide full serviced home including full meal service to the displaced refugees who reside in their shelters. Since August 2020, Surbana Shelters have been providing refugees with three freshly prepared nutritious meals daily. The shelters were also equipped with three thermometers that were purchased to monitor temperatures of refugees and prevent the deadly spread of COVID-19. The thermometers are currently being used as an intervention since temperature greater than 100 degrees Fahrenheit is a typical symptom of COVID.

*The shelter provides health information and awareness that were reported by the World Health Organization (WHO) and IOM. We also have a volunteer Eritrean physician from the United States, who provides information about the signs, symptoms, and prevention of COVID-19 via Zoom to refugees in Libya. Refugees are also encouraged to practice social distancing and wear masks to prevent the spread of COVID-19.

*Surbana Shelter III was recently renovated to include daycare services and provide education to the children who are currently in Libya. Some areas of the shelter are going to be used to quarantine refugees that might be suspected of contracting COVID-19.



*The American Team for Displaced Eritreans and Surbana Vision Media & Community Services, Inc. recently awarded a certificate of appreciation to the International Organization for Migrants (IOM) in Libya for their ongoing dedication to providing medical assistance to the Surbana Shelters.

*Subrbana Vision Media & Community Services, Inc. is now registered as a legal corporation and charitable organization to receive donations from the public via GoFundMe and PayPal. The goal of Surbana Shelters is to provide more services for displaced refugees who are victims of human and sex trafficking.

Surbana Vision Media and Community Service, Inc.
**Tele:** 302 521 9047 (You can call here and use Zelle to support):
**Email**: merkebna1@gmail.com
**Paypal**: http://paypal.me/Surbana
**Bank Account:** Bank of America; Account number: 38301755
**Payable** to: SURBANA Vision Media and Community Services, Inc